# ንናይ ሓደጋ ግዜ ዕንወት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ




ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ

ን 3 መዓልታት

## ኣብ 6 ወርሒ




ባዶ ጌርኩም እንደገና ምልእዎ

## ኣይትጠቀምሉ




ኣይትጠቀምሉ

City of Seattle

Seattle Emergency Management

Seattle Office of Emergency Management
www.seattle.gov/emergency
206-233-5076

Seattle Public Utilities

# ንናይ ሓደጋ ግዜ ዕንወት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ

**ናይ ተፈጥሮ ሓደጋ ከምእኒ ምንቅጥቃጥ መሬት፣ ነቲ ናይ ማይ ቱቦታት ከዕንውዎ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራቤትኩም ብውሕድ ን3 መዓልታት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ።**

## ንግዜ ሓደጋ ዝኸውን ማይ ብኸመይ ክተቐምጡ ከም ትኽእሉ

ነዞም ዝስዕቡ ደረጃታት እንተደኣ ተኸቲልኩም፣ ናይ ክልተ ሊትሮ ጠራሙዝ ኣዝዮም ጠቓምቲ መትሓዚ ማይ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

- እቲ መትሓዚ ማይ ጽሩይ ምዃኑ ኣረጋግጹ። ኣብቲ መትሓዚ፣ 1/8 ናይ ሻሂ ማንካ በረኪና ከምእውን 2 ኩባያ ማይ ግበሩ። ነቲ መትሓዚ ከዲንኩም ነጽጉጽዎ። ነቲ መትሓዚ ኣብ ጥቓ መኽደኒኡን ከምእውን ኣብ ላዕላይ ክፍልን ሕጸብዎ።

- ደሓር ንኩሉ ኣውጺእኩም ነቲ መትሓዚ ብሓድሽ ማይ ክሳብ ጫፉ ምልእዎ። ኣትሪርኩም ብምኽዳን፣ ኣብቲ መትሓዚ ማይ ኣብ ሓደጋ ግዜ ዝስተ ማይ ዝብል ጽሑፍ ግበርሉ። ከምእውን እቲ ማይ ዝመላእክምሉ ዕለት ጽሓፍሉ።

- ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ማይ ኣቐምጡ! **ንነፍሲ ወከፍ ኣባል** ናይ ስድራቤትኩም **ሸዱሽተ ናይ 2 ሊትሮ ጠራሙዝ** ማይ ከተቐምጡ ይግባእ።

- ኩሉ ግዜ ኣብ 6 ወርሒ ነቲ ማይ ካብቲ መትሓዚ ኣውጺእኩም እንደገና ብሓድሽ ማይ ምልእዎ። (ኣብ ግዜ ሓጋይን ቀውዕን፣ ሰዓትኩም ኣብ ትቕይርሉ ግዜ፣ ነቲ መትሓዚ ማይ ድማ ገልቢጥኩም እንደገና ብኻልእ ማይ እትመልእሉ ግዜ ክኸውን ጽቡቕ እዩ።)

መጠንቀቕታ፥ እዞም ዝስዕቡ መትሓዚታት ክትጥቀሙ የብልኩምን፤ ጠርሙዝ መትሓዚ (ብቐሊሉ ስለ ዝስበር)፣ ናይ ጸባ ፕላስቲክ መትሓዚ (ክትዕሽጎ ኣሸጋሪ ስለዝኾነን ብቐሊሉ ስለዝቕደድን) ወይድማ ናይ በራኪና ወይ መረዝቲ ከሚካላት መትሓዚ ዝነበሩ።



Tigrinya